# ዋሕስ ተኺሉ!

## ምብኣርሲ ነቲ ብዙሕ ዓስቢ ዘለዎ ትብዓትኩም ኣይትደርብይዎ። (እብ. 10፡35)

ንመንግስቲ ኣምላኽ ኢልና ጊዜ ገንዘብ ጉልበት ኮታ ዘሎና ኹሉ ክሳብ ነዛ ጽሕፍቲ እነንብበላ ሰዓት ኣብ ምውፋይን ምሃብን ጥራይ እንተደኣ ሃሊና'ሞ ዓስብና ዝደንጎየ ኮይኑ ተሰሚዑና ንእተደኣ ሃልዩ መዓልቲ ክፍሊት ኣብ ቀረባ እዩ እሞ ተስፋ ኣይነጥፍእ። ሰብውን እንተዘየስተብሃለልና መራሕቲ ቤተክርስትያን ተገዳስነት እንተዘየርኣዩና ' ጎይታ ይባርኽካ/ኪ' ዝብል ቃል ካብ እንሰምዕ እውን ነዊሕ እዋን ሓሊፉ እንተኾነ ተስፋ ኣይነጥፍእ።

ኣብታ ጥቕስና እታ "ብዙሕ ዓስቢ" እትብል ቃል ***mistapodosia*** ካብ ዝብል ቋንቋ ጽርኢ ዝመጸት እያ። ነዛ ቃል ንምግላጽ ሓደ ኣብነት ንውሰድ። ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ሓደ ትካል ብምኽንያት ፍሉይ ዕዮ ናብ ሓደ ቦታ ተላኢኹ ንበል። ክኸይድ ከሎ እቲ ዝልእኮ ዘሎ ትካል ጥረ ገንዘብ ይኹን ካርድ ስለዘይሃቦ ኩሉ ወጻኢታቱ ካብ ጁባኡ ሸፊኑ ነቲ ቅብሊታት ሒዙ ናብ ቦታኡ ይምለስ። ዝልኣኾ ትካል ነቲ ዘጥፍኦ ወጻኢታት ገለ ከየጉደለ የሕውዮ። እቲ ግቡእ እቲ ትካል እንተ ብጥረ ግንዘብ ወይውን ብመለቅሒ ካርድ ከሰንዮ ነይርዎ። ኣይኮነን ግን እዚ ዓያዪ እቲ ስራሕ ካብ ዝብደልን ዝቧኾርን ካብ ጁባኡ ምውጻእ መሪጹ። እሙን ትጉህ ዓያዪ!

እታ ***mistapodosia*** እትብል ቃል ነዚ ኩነታት እያ ትገልጽ። ጽሓፊ መልእኽቲ እብራውያን " ምብኣርሲ ነቲ ብዙሕ ዓስቢ ዘለዎ ትብዓትኩም ኣይትደርብይዎ።" ብምባል ዓስቢ ኣብ መገዲ ከም ዘሎ እሞ ክሳብ ሽዑ ግና ' ትብዓትኩም ኣይትደርብይዎ ይብል ኣሎ። እታ *ትብዓት* እትብል ቃል በቲ በኹሪ ጽሑፍ ማለት ብቋንቋ ጽርኢ parresia ክትከውን ከላ ከምታ ብትግርኛና ተተርጉማ ዘላ ድማ ከምኡ ማለት እያ።

ተቐበልቲ መልእኽቲ እዛ መጽሓፍ ማለት ሰብ እብራውያን ሓያሎ እዋን " ዓስብና ኣብ ቀረባ እዩ " እናበሉ ክእመኑን ክኣምኑን ድሕሪ ምጽንሖም ምስ ምንዋሕ ማዓልትታት እቲ ዝኣመንዎን እተኣመንዎን ዓስቢ ስለዝደንጎየ ቃሎም ክቕይሩ ምስ ተፈተኑ ጽሓፍ እዛ መልእኽቲ ትብዓትኩም ' *ኣይትደርብይዎ* ' ኢሉ ጽሒፉሎም። ንምንታይከ እዮም እቲ ምእማኖም ከጽንዑ ዝንገሮም ዘሎ? እወ ' ብዙሕ ዓስቢ ' ስለዘለዎ እዩ።

እግዚኣብሄር ንሰብ እብራውያን ከምዚ ዝብሎም ዘሎ ይመስል፡
*ክተገልግሉኒ ኢልኩም ዝገበርክምዎ ኩሉ ፈሊጠ ኣለኹ፣ነቲ ዝልኣኽኩኹም ዕዮ ክትፍጽሙ ኢልኩም ዘጥፋኩምዎ ጊዜ፣ ገንዘብ ፣ ዓቕሚ፣ ጉልበት፣ ሓይሊ ርእየን ተረዲኤን ኣለኹ። ምእማንኩም ቀጽሉ ከመይሲ ምዓልቲ ካሕሳኹም ቀሪባ ኢያ።"*

ሕጅውን ኣነን ንስኹምን ከምቲ ነህምያ " ዎ- ኣምላኸይ፡ እዚ ኹሉ ነዚ ህዝቢ እዚ ዝገበርክዎ፡ ንጽቡቕ ሕሰበለይ" ዝበሎ ምባልና ንቕጽል። ከመይሲ " ኣምላኽ ከይሕሱ፡ ሰብ ኣይኰነን። ከይጠዐስ ከኣ፡ ወዲ ሰብ ኣይኰነን። ንሱ ዝበሎስ ኣይገብሮንዶ፧ እተዛረቦስ ኣይፍጽሞንዶ፧"እቲ ቃል ዝኣተወ ኣምላኽ ከይሕሱ ሰብ ኣይኮነን ከይጥዓስ ድማ ወዲ ሰብ ኣይኮነን። (ዘሁ። 23፡19) *ዋሕስ* ቃል ኣምላኽ *ተተኺሉልና* ኣሎ። ዝበሎ ካብ ዘይገብርሲ ሰማይን ምድርን ክሓልፍ ይቐሎ!